# ዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣሳጉጓ ኮሚሽነር ዳኒኤል ተወልደ ካብ ኣባልነት ኮሚሽን’ብጥብቒ ንኹንን

***<u>ናብ ክቡራትን ክቡራንን ተወከልቲ ሃገራዊ ጉባኤ ብሓባር፡</u>***

*ንሕና ኣብ ኩሉ ዞባታት ዓለም እንርከብ ሃገራውያን ጉዳይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ክንቃለስን ክንዋሳእን ዝጸናሕናን ዘሎናን ኢና። ከምቲ ኣብ 2010 ሃገራዊ ዋዕላ ዘዔወትናዮ ሕጂ እውን ሃገራዊ ጉባኤ ብዝበለጸ ደረጃ ዕውት ክኸውን ብወከልትና ንተኣማመን ኢና።*

*ካብ’ዚ ቀጺልና እምብኣር ምስጓግ ኮምሽነር ዳኒኤል ተወልደ ካብ ኣባልነት ኮምሽን፡ ሕጋዊ ኣይኮነን ክንብል ዘገደደና ምኽንያት፡ ንኮምሽነር ዳኒኤል ተወልደ ኣባል ኮምሽን ክኸውን ዝመረጾ፡ እቲ ኣብ ዋዕላ ተኻፊሉ ዝነበረ ህዝቢ ዳኣ እምበር፡ ድልየት ኣቦ መንበርን መሻርኽቱን ኣይኮነን፡ ካብ ዝብል ሓቒ ተበጊስና ኢና። ንኮምሽነር ዳኒኤል ተወልደ ካብ ኣባልነት ኮምሽን ምስጓግ፡ ጥልመትን ክሕደትን ሓደራ ኣብ ልዕሊ እቲ ነዚ ኮምሽን ዝመረጸ ህዝቢ ኣባል ዋዕላ እዩ፡ ኢልና ንኣምን። ጥልመት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብመራሕቱ ከም ባህሊ ክምዕብል፡ ንሕና ከም ኣካል ህዝቢ፡ ክንጻወሮ ፍቃደኛታት ስለዘይኮና፡ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ኮምሽነር ዳኒኤል ተወልደ፡ ብጥብቒ ንቃወም።ብተወሳኺ ኮምሽነር ዳኒኤል ይኹን ካልኦት ኮምሽነራት ተጸዋነቶም ንዉሳኔታት ዋዕላ ተሓታነቶም ከኣ ንጉባኤ ሰለዝኮነ ኮምሽን ይኩን መሪሕነት ኮሚሽን እብ ትሕቲ ዝኮነ ይኩን ኩነታት፡ ንኾምሽነር ዳኒኤል ተወልደ ካብ ጉባኤ ክእግዶን ወይዉን ብዘይብኡ ናብ ጉባኤ ክኣቱዉ ሕጋዉነት የብሎምን።*

*ኮሚሽነር ዳኒኤል ብሱልን በሊሕን መንእሰይ ምዃኑ ብኹላትና ዝፍለጥን ስርሓቱ ዝምስኽሮን ጸኒሑን ዘሎን’ዩ። ይኹን’ምበር ዓመትን ገለ ኣውርሕን ሓላፍነታዊ ዝመልአ ተወፋይነትን ወርቃዊ ስዓቱ ከይበቀቀን ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንሃገራዊ ጉባኤ መዓልታት ክተርፎ ብመራሕቲ ኮሚሽን ኣብ ህግደፍ ኢድ ከምዘለዎ ጠርጢርና ብማለት ናብ ናይ ኢትዮጵያ ሓለዋ ጸጥታ ንሱን ኮምፒተሩን ክምርመር ዝተጠምልበ ጠለምብ ብሓቒ ኢዩ ኣደንጺዉባ። እምብኣር ካብዚ ብምብጋስ ነዘን ዝስዕባ ኣገደስቲ ክልተ ሕቶታት ናብ መራሕቲ ኮምሽን ነቕርበን።*

1- *መራሕቲ ኮሚሽን ንኮሚሽነር ዳኒኤል ተወልደ ምስ ህግደፍ ኢድ ኣለዎ ኢሎም ክኽስዎ እንከለዉ ንጹር ዝኾነ ጭብጥታትን ሓቅታትን ብግሉጽ ከቕርቡልና ንጠልብ። ከቕርቡ እንተዘይክእሉ ኮይኖም ግን ጸለመ ኮይኑ ስለዝተርፍ ብጸጥታዊ ዓይኒ ዘሕትት ስለዝኾነ ንኣሉታዊ ሳዕቤኑ ብሓላፍነት ክሕተቱ ንጠልብ።*

2- *መራሕቲ ኮሚሽን ንመሳርሕቶም ኮሚሽነር በየናይ ፖለቲካዊ መምርሕን በየናይ ዓይነት ገበንን ንኮሚሽነር ዳኒኤል ካብ ኮምሽን ክእግድዎ ወይ ክኽልክልዎ ኪኢሎም? ብፍላይ ድማ ኣብ ዋዜማ ጉዳይ ሃገራዊ ጉባኤ ምስ ኣኸለ ካብ ኮምሽን ክኣልይዎ ምውሳኖም እንታይ ዕላማ ዘለዎ እዩ?*

**ምሕጽንታ፡**

**ክቡራትን ክቡራንን ተሳተፍቲ ሃገራዊ ጉባኤ፡ መራሕቲ ኮምሽን ግሉጽነት ብዘይብሉ ኣጋባብ ኣሰራርሓ ኣብ ልዕሊ ኮሚሽነር ዳኒኤል ዝወሰድዎ ስጉምትታት ኣትሪርና ንነጽጎ። 53 ኣባላት ሃገራዊ ኮምሽን ብምሉኣቶም ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ቐሪቦም ጸብጻቦም ከቕርቡ ሃገራዊ ዋዕላ ዝሃቦም ሓላፍነት እዩ። ስለዚ ኮሚሽነር ዳንኤል ጸብጻቡን ሓሳቡን ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ከቕርብ ግድነታዊ እዩ። እዚ ጉዳይ እዚ ብውሕሉልን ጽፉፍን ኣጋባብ ክፍታሕ ብተገዳስነትን ኣኽብሮትን ምሕጽንታና ነመሓላልፍ።**

**ንተወሳኺ እቶም ብዘይገለ ሕጋዊ ኣገባብ ብድልየትን ልግስነትን ኣቶ ኣምሃ ደሞኒኮን መሻርኽቱን ናብ ጉባኤ መጺኦም ዘለዉ** ~100 **ዝኮኑ ዘይሕጋዉያን ባእታታ ከተጻርዩንና እዉን ብትሕትና ንሓቲት።**

**ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ!!**

**ዕንወት ንጉጅለ ህግደፍ!!**

**ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና!!**

**ካብ ኤርትራውያን፡ ኣባላት ናይ ዝተፈላለያ ውድባት/ሰልፍታት፤ በርገሳዊ ማሕበራት፤ ብውልቀ ተቓወምቲ፤ ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ፓልቶክ** (Paltalk)**፡ ብዛዕባ ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን፣ ከምኡ እውን፡ ብኣግባብ ኣቃላልሳናን ኣቓውማናን፡ ኣንጻር ውልቀ-መላኺ ሃገርና፡ እንማያየጥን እንዛተን ደቂ ሃገር።** erfsauo@yahoo.com

ሕዳር 18, 2011